

# ኣብያተ ትምህርቲ ኪነት ኣብ ፍሪቲስ ኣብ ናካ መንእሰይ ንዝኾንካ

## ሓደ ሰፊሕ ቀረብ ምስ ብርክት ዝበሉ መስጥቲ ኮርስታት

ናይ ፒያኖ ኮርስታትን ናይ ስእሊ ኮርስን ብሓባር ክትወስዶም ትደሊ? ስትሪት-ዳንስን ሙዚቃልን'ከ ክትፍትኖም ትደሊ? ወይ ድማ ኣብ ሓንቲ ናይ ሙዚቃ ባንድ ኮይንካ ምጽዋትን ናይ ትያትር ኮርስ ምፍታንን'ከ?

ኣብ ናካ ብዙሓት ናይ ኪነት ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዉ። እዞም ኣብያተ ትምህርቲ ብሓባር ሰፊሕን መሰጥትን ዝኾኑ ቀረብ ኮርስታት ኣለዎም። ኩሎም እቶም ክትመርጾም ትኽእል ኮርስታት ኣብ መካነ-መርበብ nacka.se/kulturskolor ሓቢሮም ተጠርኒፎም ኣብ ናይ ኮርስ ካታሎግ ኣለዉኻ። ኣብ ናይ ኪነት ቤ/ት መሃዚ ሰብ ንኽትከውን ተኽእሎ ኣለካን ሓደስቲ መሓዙት ንኽተተጥሪ እዉን ዕድል ኣሎ።

ዕድሜኻ ካብ 7 ክሳብ 19 ዓመት ምስ ዝኸውንን ኣብ ናካ ምስ ትቕመጥን፡ ብዙሓት ኮርስታት ብሓባር ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ፍሉይ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ሕጂ ምዝጉብ ወይ ተመዝጊብካ ዝነበርካ ምስ ትኸውን፡ ክሳብ 24 ዓመት ትመልእ ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ። ኩሎም እቶም ኣብ ሓደ ዓይነት ዓውዲ ዝርከቡ ኮርስታት ናይ ሰመስተር(ናይ ፍርቂ ዓመት) ብዝሒ ክፍሊቶም ዘይፈላለይ ሓደ እዩ። ንኣብነት ኩሎም እቶም ናይ ጊታር ኮርስታት መጠን ክፍሊቶም ሓደ እዩ ኣበየናይ ናይ ኪነት ቤ/ት ከም ትወስዶ ብዘይገድስ።

ወለድኻ ካብ እንዳ ሶሻል ቀኑጠባዊ ረዲኤት ዝወስዱ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ'ዚ ናይ ኪነት ቤ/ት ገንዘብ ምኽፋል ኣየድልየካን እዩ። ነዚ ካብ ምኽፋል ነጻ ብዝምልከት ኣብ'ዚ ዝስዕብ መካነ-መርበብ ኣቲኻ ረአ።
[nacka.se/avgiftsfrikulturskola](nacka.se/avgiftsfrikulturskola)

**ሓደ ወይ ዝያዳ ኮርስ ንምውሳድ ከተመልክት ትደሊ?**
ኣብ መካነ-መርበብ [nacka.se/kulturskolor](nacka.se/kulturskolor) ምስ ትኣቱ ኩሎም እቶም ኣብ'ቲ ናይ ኮርስ ካታሎግ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኮርስታት ኣለዉኻ። ብተወሳኺ ከመይ ገይርካ ከም ተመልክት ዝያዳ ሓበሬታ ኣለካ።

**ነዚ ሓበሬታ ብኻልእ ቋንቋ ከተንብቦ ትደሊ?**
ኣብ መካነ-መርበብ www.nacka.se/kulturskolor ላዕሊ ነታ "Välj språk" ትብል ምስ ትመርጻ ድሕሪኡ Google translate(ጉጉል ተጠቂምካ) ብምጥቃም ነቲ ጽሑፍ ናብ ቋንቋኻ ከተተርጉሞ ትኽእል። Google translate ናብ'ቲ ዝመረጽካዮ ቋንቋ ኣብ ሓጺር ካልኢት ክትትርጉመልካ ትኽእል። ኣይትዘንግዕ ግን፡ እቲ ምትርጓም ብማሽን ደኣ'ምበር ብሰብ ኣይኮነን ዝካየድ ዘሎ።

[nacka.se/kulturskolor](nacka.se/kulturskolor)

NACKA KOMMUN